ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቕሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሽጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ክምልእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ የካቲት 6, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 17, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 17, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ጠቕላላ ስራሕቲ ኣገልግሎት/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቑሑትን ግልጋሎትን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቕሮ ደ/ከ/ስራሕ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ዘለዎ ናይ ኦክስጅን ስሊደራት ካብ መደበኛ ወይ ወሽጢ ኣታዊ ዝፀደቐ በጀት ዝክፈል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ውዕሊ ኣእሲሩ ኦክስጅን ክምልእ ይደሊ። ስለዚ ኣብ ታሕቲ ዝተጠቀሰ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ሀ. ተጫረትቲ ክማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት/ረቋሒታት/

1. በቲ ዓውደ ስራሕ ናይ ዘመነ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ክምኡ እውን ቲን ናምበርን ኣብ ትልምን ፋይናንስን ብመቕረባይነት ዝተመዝገቡን ኦሪጂናልን ኮፒን ክቕርብ ዝክእል

2. ንጨረታ መክበሪ ትሕጃ ብር 3000 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ/CPO/ ከትሕዝ ዝክእል

3. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል ጥራሕ ይወዳደር

4. ጨረታ ዝሰዓረ ውዕሊ እንትኣስር ካብ ዝሰዓሮ ጠቕላላ/ድምር/ ናይ ሓደ ዋጋ 10% ንውሕስና ኣፈፃፅማ ስራሕ /መኽበሪ ውዕሊ/ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ዝተረጋገፀ ቸክ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ወይ ጥረ ገንዘብ/ክትሕዝ ዝክእል።

5. ተጫረትቲ ካብ ዝተመልአ ሕድሕድ ኤሌክትሮኒክስ ዝርዝር ናይ ሐደ ዋጋ ድምር ዝተሓተ ብምውሳድ ሰዓራይ ዝኸውን ምኻኑ ኣሚኖም ክወዳደሩ ዝክእሉ

6. ተጫራታይ ዝተወደአ ዝምላእ ስሊንደር/ እንተጋጥም ናብ እዚ ጨረታ ዝሰዓረ እንትልእክ ቆፂሩ ብመረካከቢ ቅጥዒ ክርከብን ብትክክል መሊኡ ናብ ሆስፒታልና ክልእክን ዝክእል ምኻኑ ኣሚነ ክወዳደር ኣለዎ።

7. ሰዓራይ ኮይኑ ዉዕሊ ዝኣሰረ ተጫራታት እቲ ዝምላእ _ ኦክስጅን ፀሬቱን ብትክክል ምምልኡን ዓቒኑ ንሓሆስፒታልና ሰብ ሞያ ከረክብ / ከቕርብ ዝክእል ምኻኑ ኣሚኑ ክወዳደር ኣለዎ

ለ. መምርሒ ተጫረትቲ

1. ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 06/05/2017 ዓ/ም እስካብ ዕለት 17/06/2017 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ዘይምለስ ብር 50 ብምክፋል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ካብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ውቅሮ ደ/ከ/ስራሕ ዕደ/ፋይ/ ንብ/ምም/ርን ምውሳድ ይከኣል።

2. እዚ ጨረታ ዕለት 17/06/2017 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ሰዓት 4:30 ይኽፈት።

3. ተጫረቲ ኣብ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዋጋ ኣቀሚጦም ኣብ ዝተዓሸገ ፖሰታ ኮፒን ኦሪጂናልን ኢሎም በበይኑ ከቅርቡ ይግባእ እቲ ኦርጂናል እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ዝምለስ እዩ።

4. ተጫረትቲ ኣብ ዘቕርብዎ ዶኩመንት ሽሞምሽም ትካሎም/ ፊርመኦምን ማህተምን ከዕርፉ ኣለዎም

5. እቲ ጨረታ ብዝተፈላለየ መልክዑ ከዛብዑ ዝፍትኑ ተጫረትቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ጌሩ ንቐፃሊ ከይሳተፍ ይገብር።

6. ተጫረትቲ ድሕሪ ሳፁን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ እውን ንዝበለ ዘትሓዞ መከበሪ ጨረታ ትሕጃ ኣይምለሰሉን ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይኸውን/።

7. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ / ወይ መማሓየሺ እንተሃልይዎም ናይ ጨረታ መኽፈቲ 5' መዓልቲን ልዕሊኡን እንትተርፎ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብፅሑፍ ከቅርቡ ዝኽእሉ ምኳኖም

8 ሰነድ ጨረታ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ ወፃኢ ምጥቃም ኣይፍቀድን።

9. ሰዓራይ ምኳኑ ዝተነገረሉ ተጫራታይ እቲ ውዕሊ በቲ ዝሰዓሮ ዋጋ ክሳብ ሰነ 30/10/2017 ዓ/ም ውዕሊ ዝኣስር ዝፀንዕ/ ኮይነ ከከም ኩነታቱ ብናይ ክልቲኦም ተወዓዓልቲ ስምምዕነት ማለት እዚ ጨረታ ስዒሩ ዉዕሊ ዝኣሰረን ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮን ስምምዕነት መሰረት ንቐፃሊ ዓመት በዚ ዉዕሊ ዝተኣሰሮ ዋጋ ክቕፅል ዝክእል ምኳኑ ኣሚነ ክወዳደር ኣለዎ።

10. ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344430057 ደዊልካ ምርካብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle